ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
المكتب التنفيذي

Eritrean National Council for Democratic Change
Executive Office

# ቃል መሪር ሓዘን
# ብዕርፍቲ ዓባይ ተቓላሲት ሰሚራ ሳልሕ ሓሰን "ባራዳ"

ብሓሙስ ዕለት 11 ሚያዝያ 2024 ካብ ካሊፎርንያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዜና ሞት እታ ተባዕን ደላዪት ፍትሕን ዝኾነት፡ ክብርቲ ሓፍትና ተቓላሲት ሰሚራ ሳልሕ ሓሰን (ባራዳ)፡ ምስ ሰማዕና ዓቢ ሓዘንን ጓሂን ተሰሚዑና።



ብጻይትና ሰሚራ ሓንቲ ካብተን መስረትቲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኢያ ነይራ። ኣቐዲማ ኣባል'ታ ንቀዳማይ ጉባኤ ንምድላው ዝቖመት ኮምሽን ብምኳን ልሉይ ተራ ብምጽዋት፣ ኣብቲ ኣብ 2011 ኣብ ከተማ ሃዋሳ-ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ጉባኤ ኣባል ሓጋጊ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ኮይና ተመሪጻ። ኣብ መስርሕ ቃልሲ ኤሃባዲለ፣ ብፍላይ ድማ ኣብቲ ጽንኩር ኩነታትን ዝተፈላለየ ቅልውላው ኣብ ኤሃባደለ ኣብ ዝተኸስተሉን ሁመት፣ ገድላዊ ጉባኣ ዝፈጸመት ኤርትራዊ ዋዕሮ ኢያ። ኣብ 2019 ኣብ ርእሰ ከተማ ሽወደን ስቶክሆልም ዝተኻየደ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ፡ ነቲ ጉባኤ ንምዕዋት ዝካየድ ኣብ ዝነበረ ወፍሪ ገንዘባዊ ወፈያታት ናይ ምክትታል ሓላፍነት ብምውሳድ፡ ሓንቲ ካብተን ኣገዳሲ ኣስተዋጽኦ ዝነበረ ተቓላሲት ምኳና ኩሉ ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ።

ነፍሰሔር ሰሚራ ሳልሕ፡ ብልኡም ስነ-ምግባርን፡ ብጽቡቕ ኣካይዳን፡ ብዝነኣድ ጠባይን፡ ትልለ ብምንባራ ብኹሎም ፈለጥታን መሳርሕታን እትፍቶ ሰብ እያ ነይራ።

ኣብዚ መሪሪ ናይ ሓዘን ሁመት፡ ንክቡራት ስድራቤታን፣ ንኹሎም ኤርትራውያን ተቓለስቲ ሓርነትን፡ ብፍላይ ድማ ነተን ብጻይቲ ሰሚራ ኣካልን ዝኾነት ኤርትራውያን ተጋደልቲ ደቂ ኣንስትዮን፣ ልባዊ ሓዘንና ብምግላጽ፣ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ገነቱ ኢዱ ዘርጊሑ ክቕበላ ናይ ወትሩ ጸሎትና ኢዩ። ንክቡራት ስድራ ቤታን ኩሎም ኣብ ቃልሲ ዝርከቡ ፈለጥታን መሳርሕታን ድማ ኣኻእሎን ጽንዓትን ክህብና ንረቢ ንልምን።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
13 ሚያዝያ 2024